

# ደገፍ ቋንቋ ጀርመን ነዊሕ ቀድሚ መዋእለ ህጻናት ኣቐዲሙ ይጅምር



TIGRINJA

KANTON NIDWALDEN

## ንቆልዓኹም ንመዋእለ ህጻናት ከተዳልዉ ደሊኹም፧

ቆልዓኹም ኣብ ናይ ኩሉ መዓልቲ ኩነታት ከተእትዎ እንተደሊኹም፣ ዝበለጸ ደገፍ ንሱ እዩ። ፍልይ ዝበለ ነገር ኣየድልዮን እዩ። ቆልዓኹም ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ንክገብርን ብዙሕ ንክምኮርን ክትገብርዎ ቀንዲ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ ዓወቱ ምስኡ ብሓንሳብ ተሓጎሱ ከምኡ'ውን ኣብ መንገዱ ኣተባብዕዎ። ቆልዑት ድሮ ካብ ትውልዲ ኣገደስቲ ናይ ናብራ ተመኩሮታት ይገብሩ፣ ኣብ ድሓር ዝመጽእ ትምህርቲ ኣብ መዋእለ ህጻናት ከምኡ ድማ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣገደስቲ እዮም።

ቀስቀሳታት ንምስናይ ቆልዓኹም ኣብ መዓልታዊ ናብራ፣ ንደገፍ ቋንቋ ከምኡ'ውን ንኣተዓባብያ ዝምልከቱ ኣርእስትታ ትኣብዚ www.gfi.nw.ch ትረኽቡ ቅድሚ ቤት-ትምህርቲ ኣብ መዳለዊ ዘሎ ቆልዓ።

ሓበሬታ ብዛዕባ መዋእለ ህጻናትን ምእታው ቤት-ትምህርትን ኣብዚ ትረኽቡ www.nw.ch መድለዪ ቃል "መዋእለ ህጻናትን ምእታው ቤት-ትምህርትን" ("Kindergarten und Einschulung")።

ሕቶታት እንተዘለውኹም ወይ ገለ እንድሕር ዘይተነጸረልኩም ባ፟ቭ ዝስዕቡ ኪኢላታት ተወከሱ፥ ኣገልግሎት ምኽሪ ኣደታትን ኣቦታትን፣ ሓኪም ቆልዑት፣ ምምሕዳር ጉጅለ ጸወታ፣ ኪኢላ ኪታ ወይ መምህር መዋእለ ህጻናት።

1ይ ሕታም 2021። እዚ በራሪ ጽሑፍ ነቶም ዝስዕቡ በራሪ ጽሑፋት ብዝተመልከተ ተሰሪሑ እዩ፥ "ምምሃር ድሮ ንንዓሸቱ ቆልዑት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ!" ናይ 2014 መጽሓፍ Schule Buchs ከምኡ' ውን "ምምሃር ነዊሕ ቅድሚ መዋእለ ህጻናት ኣቐዲሙ ይጅምር"፣ ናይ 2016 መጽሓፍ ምሕደራ ትምህርቲ ክፍለ-ሃገር ዙሪኽ።

ነቲ መዋእለ ህጻናት ብዘይካ እቲ ዕድመ ዝኾኑ መቐበሊ ኩነታት የለውን።
ግና ንቆልዓኹም ዝስዕቡ ተመኩሮታት ድሮ እንድሕር ጌሩ ንዕኡ ጠቓሚ እዩ፥

- ምስ ካልኦት ቆልዑት ምጽዋት፣ ምጉያይ፣ ሚዛን ምሓዝ/ ምውዳን
- ንሓደክልተ ሰዓታት ካብ ወለዱ ምፍልላይ
- ምስኣል፣ ምጥባቕ፣ ብመቐስ ምቑራጽ
- ብዓልኻ ክዳን ምኽዳንን ምውጻእን
- በይንኻ ኣብ ሽቓቕ ምኻድ
- ኣእዳው ምሕጻብ፣ ኣፍን ኣፍንጫን ኣስናን ምጽራይ
- ቀለልቲ ቃላት ብጀርመንኛ ምርዳእ
- ንገለ ግዜ ኣብ ሓደ ጉዳይ ምትራፍ
- ንዝኾነ ፍጥረትን ንዋትን ብጥንቓቐ ምሓዝ
- ድሕሪ ምጽዋት ምልዓዓል - ከም ኣድላይነቱ ምስ ሓገዝ

KANTON NIDWALDEN
Bildungsdirektion
**Amt für Volksschulen und Sport**

GESUNDHEITS FÖRDERUNG & INTEGRATION NIDWALDEN

ብሓገዝ ካብ፡-

Gesundheitsförderung Schweiz
Promotion Santé Suisse
Promozione Salute Svizzera

### ቅስቀሳታትን ሓሳባትን



ብዙሓት ዝተፈላለዩ ተመኩሮታት ነቲ ቆልዓ ሓገዝቲ እዮም።

ምምሃር ብኣጋኡ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ዕድመ ንእሽቶይ ህጻን ድሮ ይጅምር።



## ምዝራብ

**ካብ ትውልዲ ምስ ሕጻንኩም ኣደ ቛንቋኹም ትዛረቡ ዶ። ሓድሽ ነገር ተርእዩዎን ትገልጹሉን ዲኹም፧**

እቲ ቆልዓ ብንጡፍ እንተትዛረብዎን ኩሉ ግዜ ኣብ ዝርርብ ምስኡ እንተኾይንኩም ብዝበለጸ ይመሃር። ድሓር ጽቡቕ ጀርመንኛ ክመሃር መታን ክኽእል፣ ብዙሕ ትሕዝቶ ቓላት ኣብ መበቈላዊ ቋንቋ ሓጋዚ እዩ።



## ምቅራጽን ምህናጽን

**ቆልዓኹም ብማይ፣ ሑጻ፣ ባዴላታት፣ ብር ጭቖታት፣ ኣእማን፣ መንደቒ ነገራት፣ ለሆስ፣ ግድላት፣ ወዘተ ተጻውትዎ ዲኹም፧**

እቲ ቆልዓ ኣብ ማይ ምፍሳስ፣ ምምላእ፣ ምቅራጽ፣ ምህናጽ ከምኡ'ውን ግድል ምፍታሕ ቀዳማይ ፍልጠት ንሕሳብ እዩ ዝእክብ። ምስ ቅርጽታትን ዕብየታትን መጠናትን ክላለ ከምኡ ድማ ክፈልዮም ይመሃር።



## ምስኣልን ምዳብን

**ንሕጻንኩም ወረቐትም ሕብርታትም፣ ባኮታት፣ መጥበቒ፣ መቐስ፣ መጥበቕ ትህብዎ ዶ ከምኡ'ውን ምስኡ ኢደ-ጥበብ ትገብሩ ዶ፧**

እቲ ቆልዓ ክስእልን ጥበብ ክገብርን ከሎ ተን ቀሳቐስነት ይመሃር እዩ፣ እዚ ድሓር ንምጽሓፍ ኣድላይ እዩ። ህጻንኩም መሃዝነቱ ከማዕብል ከም ኡ'ውን ሓሳባት ኣብ ተግባር ከውዕል ይኽእል።

## ምስማዕ

**ምስ ቆልዓኹም ስእላውያን መጽሓፍቲ ትርእዩ ዲኹም ከምኡ'ውን ብዛዕባኡ ሽዑ ተዘራረቡ፧ ጽውጽዋያትን ታሪኻትን ትነግርዎ ዲኹም፧**

ድሓር ምንባብን ምጽሓፍን ነቶም ቆልዑት የቕልሎም እዩ፣ ብኣጋኡ ተገዳስነትን ሓጐስን ኣብ መጻሕፍትን ታሪኻትን ዝረኽቡ እንተኾይኖም።



## ብሓንሳብ ምጽዋት

**ቆልዓኹም ምስ ካልኦት ቆልዑት ክጻወት ኣማራጺ ኣለዎ ዶ፧**

እቶም ቆልዕኡት ሽዕኡ ንካልኦት ክኸብሩ ከምኡ ድማ ብርእሰ-ተኣማንነት ንሓድሕድ ክተሓባበሩ ክመሃሩ እዮም። ቆልዓኹም ድሓር ኣብ ጉጅለ ብጽቡቕ ምውህሃድ የቕልል እዩ።



## ምዕንዳርን ምርዳእን

**ምስ ቆልዓኹም ኣብ ዱር ትኸዱ ዲኹም፧ ኣብ ክሽነ ክተሓባበር ይፍቐደሉ ዶ፧ ንብረት ክትን ክፍን ክጥቐመሉን ከምኡ'ውን ረሳሕ ክኸውን ይፍቐደሉ ዶ፧**

እቲ ህጻን ፍልጠቱ ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስታት የስፍሖ ከምኡ'ውን ሕጋጋት ክኽተል ይመሃር።





## ስምዒታት ከመይ ከምትሕዞም ምምሃር

ዝቕልቀሉ ስምዒታት ኣብ ቆልዓኹም ትነግሩ ዲኹም፧ ስልክይና ተፍቕዱ ዲኹም፧

ቆልዓኹም ብዝያዳ ምስ ካልኦት ሰባት ክወሃሃድ ይኽእል ከምኡ'ውን ናይ ጽቡቓት ስምዒታት ክሕጎስ ክጅምር ከምኡ'ውን ዘይምቹኣት ስምዒታት ከመይ ከምዝሕዞም ውን ክመሃር እዩ።



## ብዙሕ ግዜ ምንቅቓስ

**ምስ ቆልዓኹም ናብ መጻወቲ መዳ ከምኡ'ውን ኣብ ተፈጥሮ ደገ ትኸዱ ዶ፧ ቆልዓኹም ብዙሕ ክንቀሳቐስ ንክኽእል ኣማራጺ ትህብዎ ዶ፧**

ምንቅስቓስ ንምዕባለ ቆልዓኹም ማእከላዊ እዩ። ጥዑይ ስምዒት ኣካላት የማዕብል ከምኡ'ውን ክእለታት ከም ኣተኩሮ፣ ቦታዊ ምሕሳብ ከምኡ'ውን ዓቕሚ ምፍታሕ ሽግር የደልድል።



## ባዕልኻ ምግባር

**ህጻንኩም ነገራት ባዕሉ ንክገብር ትሕግዝዎ ዶ — ዋላ ግዜ ዝወስድ ወይ ብቐጥታ ዘይሰርሕ እንተኾይኑ፧ (ንኣ. ምኽዳን፣ ኣብ ሽቓቕ ምኻድ፣ ጣውላ ምድላው፣ ሓምሊ ምቑራጽ፣ ወዘተ)**

ርእሰ-ምምሕዳራዊ ምኳን ኣብ መዓልታዊ ናብራ ትምህርቲ ንቆልዓኹም የቕልሎ ከምኡ'ውን ርእሰ-ተኣማንነት ይህቦ።